## ሓድነት ተቓወምቲ ውድባት
## ቅኑዕ መእተዊ ንሓድነትን ደገፍን ህዝብና ኢዩ

### ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
### ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
### 30.01.2004

ኣብ ህዝቢ ዘሎ ዓቕምታትን ፈልፋሊ ባህርያቱን ብግቡእ ዘይተገንዘበ ፖለቲካዊ ሓይሊ፡ ናብ ዓወት ዘብጽሖ ቅኑዕ ስትራተጂ ክስእልን፤ ንስትራተጂኡ ዘዐውት ቅኑዕ ታክቲክን ክኽተል ኣይክእልን'ዩ። ህዝቢ፡ እንተደኣ ዓጊቡ፡ ንድኹም ከሐይል፡ ንንእሽቶ ከዕቢ፡ ንፈራሕ ከትብዕ፤ እንተደኣ ጸሊኡ ከኣ፡ ንሓያል ከድክም፡ ንምኩሕ ከንበርክኽ ዘኽእል ዘይተኣደነ ዓቕምታት ከምዝውንን ምግንዛብ ኣድላዪነት ኣለዎ። ስለ'ዚ ከኣ'ዮም ቻይናውያን ህዝቢ እንተዓጊቡ ጎቦታት ደፊኡ ከንቀሳቕስ ይኽእል ኢዩ ክብሉ ዝምስሉ።

ንህዝቢ ንምዕጋብን ናይ ህዝቢ ደገፍ ንምርካብን ከኣ፡ ትጽቢታቱን ድሌታቱን ምፍላጥን፤ ንትጽቢታቱ ጋህዲ ንምግባር ብንጽህናን ብትግሃትን ብተወፋይነትን ምቅላስን ይሓትት።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ካልኦት ኣህዛብ ዓለም፡ ፍትሕን ማዕርነትን ሰላምን ብልጽግናን ዝሰፈና ዲሞክራስያዊት ሃገር ክሃንጽ'ዩ ዝደሊ። ነዚ ንምርግጋጽ ከኣ'ዩ: ማእለያ ዘይብሉ ኵሉ መዳያዊ መስዋእቲ ዝኸፈለ። እንተኾነ ግን፡ እቶም ትጽቢታቱ ከማልኡ እምነት ዘንበረሎምን፤ ኵሉ ዝውንኖ ዓቕሚ ብምውፋይ ዘሓየሎምን ፖለቲካዊ ውድባቱ ብሓፈሻ፡ መራሕቱ ከኣ ብፍላይ፡ ማዕረ'ቲ ትጽቢታቱ ኰይኖም ኣይተረኽቡን። ህዝብና፡ ድሕሪ ካብ ፍርቂ ዘመን ንላዕሊ ዝወሰደ መሪር ተጋድሎ፡ ዘረጋገጾ ናጽነት፤ ውጽኢቱ፡ ጭቆናን ውግእን ህልቂትን ድኽነትን ስደትን ምብትታንን ኰይኑ። ንማይ ዝበሎስ ንነጐዳ ወይ ከኣ ንማይ ዝበሎስ ንበረድ ኰይንዎ።

ስለ'ዚ፡ እዋናዊ ትጽቢት ናይ ህዝብና፡ ነዚ ንመብጽዓኡ ዝጠለመ፡ ካብ ሓራ መውጽኢ ናብ ገዛኢ ስርዓት እተቐየረ፤ ጠንቂ ናይ'ዚ ህዝብና ዘይተጸበዮ ውግኣትን ድኽነትን ስደትን ኰይኑ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምልጋስ ብሓደ ሸነኽ፤ ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ ባዕሉ ንባዕሉ ዝመሓደረላ፥ ፍትሕን ማዕርነትን ብልጽግናን ሰላምን ዝሰፈና ዲሞክራስያዊት ሃገር ምህናጽ ኢዩ።

ግን'ከ፡ "ብተመን እተነኽሰስ ብልሕጺ ተዳህለ" ከምዝበሃል፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ'ዚ ሕጂ ሒዝዎ ዘሎ ቀጥቊብ መርገጽ ወጺኡ፡ ንተቓወምቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ዝኾኑ ፖለቲካዊ ሓይልታት ምሉእ ደገፉ ክህብ እንተደኣ ተደልዩ፥ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፡ ካብ ዝሓለፈ ተመኲሮታቶም ተማሂሮም፡ ንድሌታቱን ትጽቢታቱን ምእዙዛት ምኳኖም ብሓሳብ ይኹን ብግብሪ ከረጋግጹ ይግባእ።

ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣውዲቕካ፡ ፍትሕን ማዕርነትን ብልጽግናን ሰላምን ዝሰፈና ሃገር ንምህናጽ እምበኣር፡ ኵሉ ዓቕምታት ህዝቢ ኤርትራ ክጽመደሉ ዘለዎ ከቢድ ዕማም ምኳኑ ዘተሓታት ወይ ውን እንፈላለየሉ ጕዳይ ኣይኰነን። ነዚ ንምርግጋጽ ድማ፡ ሓድነት ናይ ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ምርግጋጽ እቲ ቅኑዕን መተካእታ ዘይብሉን መእተዊ ምኳኑ ክንግንዘብ ይግባእ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ውን፡ ሓድነት ዝብል ኣምር፡ ዝምድናዊ ምኳኑ ከይጠቐስና ክንሓልፍ ኣይንመርጽን። ኣብ'ዚ ህልዊ ፖለቲካዊ ሜዳ ኤርትራ፡ ብስነ-ሓሳብን ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ዝፈላለዩ ውድባት ስለዘለዉ፡ ብዛዕባ ሓድነት ክንዛረብ እንከሎና፡ ሓደ ውድብ ምምስራት

ማለት ዘይኰነስ፤ ኣብ ቅድሚና ተደቂኑ ዘሎ ዕማማት ብቀዳምነታት ሰሪዕና፡ ነቲ ሕጂ ብሓባር ከነካይዶ እንኽእል ስርሓት ብሓባር ምክያድ፤ ነቲ እንፈላለየሉ ጉዳያት ከኣ፡ ብቀጻሊ ናይ ዘተ መስርሕ ክንፈትሖ፤ ብዘተ ዘይፍታሕ፡ ናይ ህዝቢ ምርጫን ውሳኔን ዘድልዮ ጉዳይ ከኣ፥ ንህዝብን ንመጻኢ ግዜን ክንገድፎ ከምዝግብኣና ተረዲእና ምስራሕ ኢዩ። ንኣብነት፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነየናይ ስነ-ሓሳብ ይኽተል፡ ወይ እንታይ ዓይነት መንግስቲ ይደሊ፡ ባዕሉ ዝውስኖ ጉዳይ ደኣ'ምበር ፖለቲካዊ ውድባት ኣመንጊገን ከውሕጣኦ ዘለወን ጉዳይ ኣይኰነን። ስለ'ዚ፡ ንግርጭታት ብቅደም ተኸተል ሰሪዕና፡ ንሓድነትናን ፍልልያትናን ኣብ እተፈላለዩ ጉዳያት ኣነጺርናን፡ ከመይ ነመሓድሮም ፈሊጥናን ክንዋሳእ፡ እዋናዊ ጠለብ ናይ ህዝብናን መሰረታት ዝተፈላለዩ ውድባትናን ኢዩ።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፡ እቲ ቀዳምነት ክውሃቦ ዘለዎ ቀንድን እዋናውን ግርጭት፡ እቲ ኣብ መንጎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስን መላእ ህዝቢ ኤርትራን ዘሎ ግርጭት ምዃኑ ኢዩ ዝኣምን። ነዚ ግርጭት'ዚ ንምፍታሕ ከኣ፡ ኵሎም ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ፡ ዘለዎም ስነ-ሓሳባዊ ፍልልያት ብዘየገድስ፡ ኣብ ሓደ ግንባር ተጠርኒፎም ብዝተሓተ ወይ ብናይ ቀረባ መደብ ዕዮ ተጠርኒፎም ክሰርሑ ከምዝኽእሉ ይርኢ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ንስነ-ሓሳባዊ ወይ ከኣ ናይ ርሑቕ መደባት ዘንጸባርቕ ፍልልያት፡ ምስ'ቲ ኵሉ ዘይፈላለየሉ እዋናውን መድረኻውን መደብ ዕዮ ክደዋወስ የብሉን በሃልቲ ኢና።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምውዳቕ ብሓደ ሸነኽ፤ ብዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካኡ ድማ ብኻልእ ሸነኽ ዝካየድ ቃልስታት፡ እተኣሳሰረን ካብ ሕድሕድ ክነጻጸል ዘይኽእልን ምዃኑ ብምግንዛብ፤ ነፍስወከፍ ውድብ፡ ንዝኣምነሉ ስነ-ሓሳብ ይኹን ናይ ርሑቕ መደባቱ ንምግላጽ ናጽነት ክህልዎ ከምዝግባእ ንርዳእ። እዚ ግን፡ ብውድባዊ መስኖታቱን መሳርሒታቱን ኣቢሉ ደኣ'ምበር፤ በቲ ንኹሎም ተቓወምቲ ውድባት ዝጥርንፍ ግንባርን ኣቢሉ ከረጋግጾ ክፍትን ከምዘይብሉ፡ ብሩህ ክኸውን ከይኣመትና ክንሓልፍ ኣይንደልን። እንተዘይኰይኑ፡ እቲ፡ ብዝተሓተ መደብ ዕዮ ተሰማሚዑን ተወሃሂዱን ተወሓሒጡን ክሰርሕ እንጽበዮ ናይ ሓባር ግንባር፤ ናይ ውልቀ ውድባት ናይ ርሑቕ መደባት እንተደኣ ተኣታቲይዎ፡ ምድውዋስ ናይ ቀዳምነታት ከስዕብን፤ ነፍስወከፍ ውድብ ነቲ ናይ ሓባር ግንባር ብናቱ መደባት ጥራሕ ከመርሖ ክጓየይን ዝዕድምን መቕድም ስለዝኾነ፤ ነፍስወከፍ ውድብ፡ ካብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ንሓድነት ናይ'ቲ ሰፊሕ ግንባር ዝፈታተን ተግባራት ክቍጠብ ዕዙዝ ኣድላዪነት ኣለዎ።

ካብ'ዚ ሓቅታት'ዚ ብምብጋስ፡ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ዕላማታት፡ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዘ'ኽእለና ዝበለጸ ቅዲ፤ ብወገና፡ ቅዲ ናይ ስሙር ግንባር ኢዩ ንብል። ናይ ዝሑል ውግእ መዋእል ኣኽቲሙ፡ ኣብ መንጎ ክልተ ሓያላት ደምበታት ዝነበረ ምውድዳር፡ ብውድቀት ሶቭየት ሕብረት ኣብ እተዛዘመሉ ብሓደ ሸነኽ፤ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ንዲሞክራስን ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ከም መርሆ ኣብ እተቐበልሉ እዋን፥ ኣምር ናይ ስሙር ግንባር ውን ክቕየርን ምስ ህልዊ ኵነታት ክጠዓዓም ግድን ኢዩ። እዚ ስለዝኾነ፡ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ኢሳያስ፡ ንዝስዕብ መስርሕ ናይ ምስግጋር ናብ ዲሞክራስያዊ ምርጫ፡ እቲ ስሙር ግንባር ከም ኣካል ክቕጽልን ነቲ ናይ ምስግጋር መደረኽ ክዛዝምን ተሰማሚዑ ንኸይሰርሕ ዝዕንቅጾ ዝኾነይ ይኹን ምኽንያት ክህሉ ከምዘይክእል ኢና ንርዳእ።

ነዚ ሓቂ'ዚ ብምሽፋን፡ ኣብ ዝኣረገ መገለጽን ትርጉምን ናይ ስሙር ግንባር ብምንጥልጣል፡ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ'ቲ ስሙር ግንባር ዘለዉ ዓበይቲ ውድባት ነቶም ንኣሽቱ ክውሕጥዎ ኢዮም እናበልካ ምፍርራሕ፡ ካብ ክውንነትን ወድዓውነትን ዝረሓቐ፡ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ፡ ንዕደመ ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘናውሕን፥ ንሓድነት ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ዝጻረርን መርገጽ ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ ካልእ ትርጉም ክውሃቦ ኣይክእልን ኢዩ።